# ዕደ ዕደዩ መልሰና




በዓል ዩኤን ዝቐደመ ስራሕ ከይገብሩ
ምዑሩይ ምምሕዳር ዘይብሎም ዘይሐፍሩ
ሕጊ ልዕሊ ሕጊ ኣብ ልዕሌና ክፈጥሩ
ክንስሕቆምዶ ወይ ብድኽመቶም ክንበኪ
መገዶም ጥውይዋይ ሐሳቦም ብታኽ ስልኪ
ብቐደሞም ኩሉግዜ ዘይሃናጺ ቆይቂ
ጽሑፎም ንባቦም ባዶጥራሕ ጸይቂ
ቁስልና ንዓመታት ብሰንኮም ከይሐወየ
ሐቂ ብሐቂ ከለና ጉዳይና ከይተዓጽወ
ሕጂኸ እንታይ ኣምጽኡ ንብዓት ወየ ወየ
ንምኹኑ በዓልመንዮም ማሕበረሰብ ዓለም
የንብቡድዮም ንናይ ብዙሐት ሕብሪ ቐለም
ኣይሐፍሩን ንጥቕሞም ጥራሕ ከገልግሉ ንዕምሮም
ኩሉግዜ ዝንቡል ርታዓዊ መልሲ ዘይተፈጥሮም
ብቐደም ተዛሪብና ስራሕ ዩኤን ፈሺሉ
ልዕሊ ሕጊ ብውሱን ሃገራት ተዓብሊሉ
መሰል ሃገራትን ደቂሰባትን ስለዘይሕሉ
ነብሶም ልዕሊ ሕጊ ክመስሉ ንወርቂ
መዓልታዊ ተዋፊሮም ንሐሶት ንጸይቂ
ንጽቡቕ ዘይሰርሑ ንሰላም ንሐቂ
ግዝኣተ ሕግን ሐቅን ኣብክንዲ ዘኽብሩ
እንታዩ እምነቶም ውሽጣዊ ነብሶም ሕብሩ
ሐሙሽተ ደቒቓ ኮፊሎም መዛግብ ዝቕይሩ
ንብዓት ሐርገጽ ዝምስሎም ከምሳሙና ዝዓፍሩ
ንሰማይ ሐሊፎም ሃዋህው ይቕደዱ
ኣብ ማርስ ይብጽሑ ንላዕሊ ይኺዱ
ብዘይገድስ ብቑጽሮም ይብዝሑ ይውሐዱ
ካልኦት ሃገራት ኣብእግሮም ወዲቖም ይስገዱ
ሕብሮም ብዘይገድስ ጸለምቲ ይኹኑ ጸዓዱ
ኤርትራዊ ኣሕሊፉ ኣይህብንዩ ንሃገር ንዓዱ
ደቂ ኤረ ዘይንፈላለ ሐደዩ ቕልጽምና
ንባብ ትንቢትኩም ኩሉግዜ ክትረግጹ ንዓና
ረሲዕኩሞ ምስጋድ ዘይንፈልጥ ህዝቢ ምኻና
ዩኤን ሕጂውን ፍለጡ ዕደ ዕደዩ መልስና

ዓወት ምሐፋሽ

ብርሃነ ገብረመስቀል

16-01-2009